# ዕዉት ኣኼባ ምስ ኣምባሳደር ኣርኣያ ደስታ

ቀዳም 09 ታሕሳስ 2006 (Dec 09, 2006) ኣምባሳደር ኣርኣያ ደስታ ንኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ቦስቶንን ከባቢኣን ብጨንፈር ህ.ግ.ደ.ፍን ወከልቲ ህዝባውን ቀንስላውን ጉዳያት ኣብቲ ከተማ ብዝተገብረሉ ዕድመ መሰረት ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣቦ-መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ ዳዊት ገረንስኤ እቲ ኣኼባ ብዝኸፈ-ሰማእታ ድሕሪ ምኽፋት ናይ እንቛዕ ብደሓን መጻእካን ሓጺር ድሕረ ባይታ ናይ ኣምባሳደር ሂቡ። ሲዒቡ ኣምባሳደር ብስእላዊ መግለጺ (power point) ብምስናይ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ኣርእስትታት ኣተኵሩ እቲ ሰሚናር ኣካይድዎ።

1. ምውሓስ ልኡላውነትናን ምክልኻል ዶብናን
2. ዞባዊ ጉዳያትን ምርግጋጽ ውሑስ ጉርብትናን
3. ቁጠባውን ዳግመ ህንጻ መደባትን ኣብ ኤርትራ

ኣብዚ ክሳብ ሚእቲ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር ኣምባስደር ሰፊሕን ጥልቕ ዝበለ መግለጺታት ድሕሪ ምሃብ ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረበሉ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣዕጋቢ መልስታት ብምሃብ እቲ ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ !
ቦስቶን ሕ/ኣሜሪካ